# አገዳሲ ኣስተምህሮ ንህ.ግ.ዲ.ፍውያን

ህ.ግ.ዲ.ፍውያን፡ ብዘይካ ንህ.ግ.ዲ.ፍ ዝኣምን ወይ ዝምብርኽኽ፡ ዝውድስን ካልእ ኣብ ዓለም ሰብ ዘሎ ኣይመስሎምን። ንህ.ግ.ዲ.ፍውያን ሰብ ማለት ህ.ግ.ዲ.ፍ ንሱ'ዩ። ካልእ ካብ'ቲ ናታቶም ናይ ኣተሓሳስባ ዓንኬል ወጻኢ ዝሓስብ፡ ዝኸይድ፡ ይቃወምዎ ዘይኮኑስ ፍጡር ሰብ ኣይኮነን'ዮም ዝብልዎ።

ኣብ'ዚ ከኣ ክልተ ነገር ንምልከት፡ ቀዳማይ ክሳብ ካብ'ቲ ምልካዊ ኣተሓሳስባ ዝወጹ ፈጺሞም ተጸዋርነት ዝበሃል የብሎምን። ገገለ ካብ ጎደሎ ንቕሓት፡ ገገለ ከኣ ካብ'ቲ ዝወረስዎ ምልካዊ ባህርያት'ዩ። ናይ ጠልቐምቆም ደኣ'ዩ እምበር ብውልቃዊ ረብሓ'ውን ነቲ መንገዲ ዝኽተሉ ኣለዉ።

ካልኣይ ድማ ብዛዕባ ሰብ ዘለዎም ተረድኦን ኣመለኻኽታን'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ ክሊ ኤርትራውያን ዝተሓጸረ ዘይኮነስ፡ ከም'ቲ ኩሉ ኣብ ተመክሮ ህ.ግ.ሓ.ኤ ጀሚሩ ዝቕጽል ዘሎ ኣብ ናይ ካልኦት ሃገራት ዜጋታት ዘለዎም ኣተሓሳስባ'ውን 'ዩ። ዝኾን ናይ ወጻኢ ዜጋ፡ ጋዜጠኛ ይኹን ተራ መሓዛ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዝገብሮ ደገፍ፡ እቲ ሰብ ከም ሰብ ከም ሓደ ኣካል ህ.ግ.ሓ.ኤ ኤርትራ ይፈልጥዎን ይቆጽርዎን፡ ኣብ ጽሑፋቶም ከኣ ፍጹም ከም ዝውንንዎ ክገልጹ ይፍትኑ። ይኹን'ምበር እዚ መሓዛ ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ሰብ ፡ ኣብ ዝተፈለየ ኩነታት ካብ'ቲ ተረድኦ ህ.ግ.ሓ.ኤ ወይ ህ.ግ.ዲ.ፍ ወጻኢ ምስ ዝሓስብ ግን ከዳዕን ሰላልን፡ ትሕቲ ሰብ ወ.ዘ.ተ ይኸውን ማለት'ዩ።

ኣብ'ዚ ሕጂ ዘስፍሮ ጽሑፋተይ ግን፡ ምስ ህ.ግ.ዲ.ፋውያን፡ ከም ሰብ ንሓድሕድና ዘፋልጠና ሕጊ ኸወደን ኣሎ። ከም ኤርትራዊ ከም ሰብ ዘይፈልጥዎ ኣባል ተቓዋሚ ሓይሊ፡ ኣብ ግዝኣት ሕጊ ኸወደን ከም ሰብ ክፈልጥዎ ሰጥ ለበጥ ዘብሎም ሕጊ'ዩ። ነቲ ክፈልጥዎ ዘይደልዩን ዘይኣምንሉን፡ ምርጫ ባይቶ ይኹን ወረዳ ኣብ ኤርትራ፡ ኣብ ኸወደን ይኣምንሉ፡ ወዮ'ኳ ደኣ ኣብ ሓደ ኣዳራሽ ናይ ምርጫ ቅድሙን ድሕርን ኮይንካ ንምድማጽ ትራኸብ።

እቲ ዝገርም ናይ'ቶም ኣባላት ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራውያን ዘይኮነ፡ እቶም ህ.ግ.ዲ.ፋውያን ዘለዎም ኣመለኻኽታ፡ ኣብ ፖለቲካዊ ሃገራዊ ፍታሕ'ዩ። ከም ኤርትራዊ ፍጡር ዘይከውን፡ ከም ገቢሩ ከም ኸወደናዊ ፍጡር ክውን ወይ ፍቁድ ይኸውን ? ብዝኾነ ህ.ግ.ዲ.ፋውያን ክጠትሉ ዘለዎ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ 2002 ዓ.ም ምርጫ ወረዳ ኣውራጃን ባይቶን ሃገር ኸወደን ንኤርትራ ብዝምልከት ሓደ ጽሑፍ ንመርበብ ሓበሬታ ሊኢኸ ነይረ። እቲ ኸው ዘመሓላለፍክዎ ጽሑፍ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ህዝብ'ኻ ብዝብል ኣርእስቲ ነበረ ። ጥብቆ ቁ. 2 ርአ።

ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ህዝብ'ኻ ዝብል መንቐሊ ኣርእስቲ፡ እቲ ኣብ ኤርትራ ዝፈጸም ዘሎ ግፍዓዊ ተግባራት ዘመልክት ኮይኑ፡ ብኣንጻር ከኣ እቲ መንግስቲ ኸወደን ንኤርትራውያን ተቐማጠ ኸወደን ኣብ ኩሉ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላቶም ክረጋገጽ ዘካይዶ ጻዕሪ ክሳብ በቲ ክርድእዎ ዝኽእሉ " ዕላውያን ቋንቋታት " ተባሂሉ ዝዝርጋሕ ጽሑፉ ከይተረፈ'ዩ። ሕጂ ድማ እንሆ ካብ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ዝፍጸም ዝነበረ ኣገባብ ኣሰራርሓ ግን ከኣ ብዝማዕበለ ፡ ንኩሎም ኣብ ኸወደን ዝነብሩ ስደተኛታት፡

ከምኡ ንኤርትራውያን ብቋንቋኦም፡ ኣብ ጋዜጣታት፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ፡ ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ጽሕፈታት ብመልክዕ መጽሔት ተዳልዩ እንሆ፡ ንምርጫ 17 መስከረም 2006 ወረ፡ ኣውራጃ፡ ባይቶ ሽወደን ቀሪቡ።

እዚ ዓይነት ኣዘረጋግሓ ሓበሬታ ጥራሕ ከይኮነ፡ እኩባት ስደተኛታት፡ ብዝተፈላለየ ኣገባብ ብቃል ሓበሬታ ንኽወሃቦም ይግበር፡ ነዚ ከኣ ኩሉ ስርሓት ዘጠቓልል መንግስታዊ ባጀት ይፍቐደሉ። ጥብቆ ቁ.1 ርአ።

ኣብ'ዚ ሃገር ሽወደን ካብ'ቶም ኣለዉ ዝበሃሉ፡ ነቲ ምስልካዊ ስርዓት ኤርትራ ዝተሓባብሩን ዝድግፉን፡ ግፍዕን ስቓያትን ህዝቦም ዘይግድሾም፡ ኣብ ኤርትራ ህዝቢ ይጥመ ይተኣሰር፡ ይሙት ዘይግድሾምን፡ ሕሉፍ ሓሊፍዎም እኳ ደኣ ኣብ'ቲ ንጡፍ ግፍዒ ዝተሓባበሩ፡ " ንሕና ንመንግስትና፡ መንግስትና ንዓና " ብዘይካ መንግስትና፡ ሃገርናን ህዝብና'ሎም ዘይፈልጡን ብጭርሕኦም ዝልለዩ ኣለዉ። እዚኦም ንህዝቦም መሰል ዝሓረምዎ፡ ንህዝቦም ፍትሒ ዝሓረምዎ፡ ንህዝቦም ራህዋ ዝሓረምዎ ኤርትራውያን ዜጋታት፡ ኣብ'ዚ ራህዋን ፍትሕን መሰልን ሽወደን፡ ብሕጊ ዝተፈልጠሎም ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ባዕላቶም መሰሎም ከይጎድሎም'ውን ላዕሊ ታሕቲ ዝብሉን እዮም።

እዚኦም ንህዝቢ ኤርትራ ከይተቐጥቐጠ ዘይሰምዕ ህዝቢ ዝብልዎ ደገፍቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ፡ ኣብ ከም'ዚ ርግኡን ውሁድን ፖለቲካዊ፡ ቁጠባዊ ባህላዊ ሕብረተ ሽወደን ይኹን ካልኦት ምዕራብ ሃገራት ይቐምጡ'ዮም ክትብል ብሓቂ ዘሕፍርን ዘሕንኽን'ዩ።

ናይ'ዚ ኣብ ሽወድን ዝካየድ ምርጫ ይኹን ኣብ ካልእ ተመሳሳሊ ጉዳያት ከም ህዝባዊ ውከሳ (ረፈረንድም) ተኻፈልቲ ክኾኑ መሰሎም'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ክልተ ወይ መንታ ኣተሓሳስባ ዘለዎ ናይ ደቂ ሰብ ሂወት ዝኣመኑ፡ ምርጫ ሃገር ሽወደን ኣገዳስቲ ኣስተምህሮ ክኾኖም ተስፋ እገብር። ስለ'ዚ ከኣ ከም'ቲኣብ ሽወደን ሂወቶም ክመርሑ ነቲ ሰልፊ ክመርጽዎ ዘለዎም ክመርጹ ዝንየዩ፡ ስድራ ቤታት ኤርትራ ድማ ካብኡ ብዘይፍለ ሰላምዊ ማሕበራዊ ናብራ ክመርሑ ቃሕ ዝበሎም ሰልፊ መንግስቲ ክመርጹ መሰሎም ምኻኑ ምእንቲ ውጽዕ ህዝቢ፡ ምእንቲ ክግፋዕ ዝጸንሐን ዘሎ ህዝቢ፡ ምእንቲ ፍትሒ ዝሰኣነ፡ ውሉዱ ዝሰኣነ ህዝቢ ክኣምንሎምን ኣንጻር መላኺ ስርዓት ከልዓሉ፡ ምርጫ ሽወደን ዓብይ ኣገዳስነት፡ ኣብ መመርሒ ሂወት ሕግታትን ሓቕን ዝሓዘለ ኣገዳሲ ትምህርቲ'ዩ።

ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ሰዓብቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ነዚ መሰልን ክብር ሰባት ሽለል ክብልዎ ከም ዘይክእሉ ዘዘኽኽሮም ሕግታት ከኽብሩ ግድነት ንስለ ዝኾኖም ብኡ ከመላልሱ ይገብሮም። እዚ ድማ ሓደ ዓብዩ ምልክት ኣብ ኣተሓሳስቦኦምን፡ ኣካይዶኦም ሕልንኦምን ከመራምረና ይኽእል።

እቲ ዘመራምረና ከኣ፡ ከም'ቲ ልዕል ቢሉ ክግለጽ ዝጸንሐ፡ ከም ኤርትራውያን ኣብ ስርዓት ዲሞክራሲያ ህዝቦም ዘይኣምኑ፡ ግን ከኣ ከም ስደተኛታት ኣብ ዲሞክራሲያ ክነብሩ ዝኣምኑን ሕግታት ዲሞክራሲያ ዝኽተሉን ዝብለ ከም ተራ ፖለቲካዊ ሕቶ ምስ ዝለዕል'ዩ ከመራምረና ዝኽእል።

# ፍትሒ ይንገስ

30 ነሓሰ 2006

ኣንቶንዮ ተስፋይ

## ጥብቆ ቁ.1

# ብዛዕባ ኣብ ዕለት 17 መስከረም ንዝካየድ ምርጫ ክትፈልጦ ዘድልይ ሓበሬታ

ኣብ ኣእረባዕተ ዓመታት ኣብ ዝካየድ ምርጫ ንሃገራዊ ባይቶን (riksdagen) ንባይቶታት ወረዳን (kommunfullmäktige) ንባይቶታት ዞባን (landstingsfullmäktige) ዝውክሉና ሰልፍታትን ሕጹያቶምን ንመርጽ። ቀዳማይ ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ ብቲቪን ብጋዜጣን ብዙሕ ቆላሀት እንተተዋሃበሉ፣ ምርጫ ባይቶታት ወረዳን ዞባታትን እውን ንኣኻ ማዕረ ኣገዳስቲ እዮም። እዞም ክልተ ባይቶታት ኣብ መዓልታዊ ናብራኻ ዝለኣለ ናይ ምውሳን ተራ ኣለዎም። ንኣብነት ባይቶ ወረዳ ኣብ ጉዳያት ቤት ትምህርቲን መዋእለ ሕጻናትን ክንክን ኣረጋውትን ይውስን። ባይቶ ዞባ ድማ ኣብ ጉዳያት ክንክን ሕማምን ናይ ሓባር መጎዓዝን ይውስን።

ሃገር ብኸመይ ትመሓደር፣ ኣብ መስርሕ ምውሳን ኣየኖት ሕቶታት ቀዳምነት ይወሃቦም፣ ኣብ ዝብል ሕቶታት ሰልፍታት ዝተፈላለየ ኣረኣእያ ኣለዎም። እተን ሰልፍታት እንታይ ኣይነት ፖለቲካዊ መደብ ክተግብራ እሞም ከም ዘለወን ንህዝቢ ባዕለን ይሕብራ።

## መድመጺ ካርድ

መሰል ምድማጽ ዘለዎ፣ ሰሰስተ ሰሙን ቅድሚ ምርጫ፣ ናይ መድመጺ ካርድ ይለኣኸሉ። ካብተን ሰለስተ ምርጫታት ኣብናይ ምርጫ ክተድምጽ መሰል ከምዘለካ ኣብ መድመጺ ካርድ ሓበሬታ ትረክብ። ከምኡውን ኣድራሻ መደበር ምርጫኻን ዝኸፈተሉ ሰዓታትን ኣብ መድመጺ ካርድኻ ትረኽቦ።
መድመጺ ካርድ ዘይበጽሓካ ምስ ዝኸውን ወይ እዉን ምስ ዚጠፍኣካ መንነት ቁጽርኻ ብቁጽሪ ስልኪ 020-825825 ደዊልካ ወይ ድማ ብኢመይል ኣድራሻ rostkort@val.se ሓብር።



## መሰል ምድማጽ ኣለካዶ?

- መሰል ምድማጽ ክህልወኻ 18 ዓመት ዝመላእካ ኪትከውን ኣሎካ።
- ኣብ ምርጫ ሃገራዊ ባይቶ ንምስታፍ ናይ ሽወደን ዜግነት ክህልወኻ ኣለዎ።
- ምቕማጥካ ኣብ ሽወደን ምስዝኸውንን ዜግነትካ ድማ ካብ ሕብረት ኤውሮፓን ኢሰላንድን ኖርወይን ምስዝኸውን ኣብ ምርጫ ባይቶታት ወረዳን ዞባን ክተድምጽ ትኽእል።
- ዜግነትካ ካብዘን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ሃገራት ወጻኢ ምስ ዝኸውን፣ ኣብ ምርጫ ባይቶታት ወረዳን ዞባን ንምስታፍ፣ ኣብ ሽወደን ልዕሊ ሰለስተ ዓመታት ኣኪታቲልካ ዝነበርካ ክትከውን ኣሎካ።

## ወረቐት ምርጫን ኣመራርጻ ግለ ሰብን

ሰልፍታት ነተን ዝተፈላለያ ምርጫታት ዝወከልዎም ሕጹያት ብወረቐት ምርጫ የቕርቡ። ንሓደ ሕጹይ ሰልፊ ፈሊኻ ምምራጽ ምስትደሊ ኣብ ቅድሚ ሽሙ ዘሎ ሳንዱቕ መስቀላዊ ምልክት ብምቕማጥ ክትመርጽ ትኽእል። ኣስተውዕል! ንሓደ ሕጹይ ጥራይ እዩ ምምራጽ ዝፍቀደልካ።

ድምጺ ክቑጸር ከሎ ብቐዳምነት ኣየኖት ሕጹያት ከምዝተመረጹ ዝውሰን ብዝለዐለ ቁጽሪ ኣድመጽቶም እዩ። ንሕጹያት ካብ ምድማጽ ምስትቕጠብ ናይ ሰልፍታት ሕጹያት ንኽይምረጹ ጽልዋታት ተሕድር ኣሎኻ ማለት እዩ።

ኣብ ኩለን ናይ ምርጫ በታታት ናይ ሰልፍታትን ሕጹያትን ሽም ዘይብሉ መምረጺ ወረቐት ኣሎ። ኣብዚ መምረጺ ወረቐት ድማ ሽም እትመርጾ ሰልፊ ብምጽሓፍ ክተድምጽ ትኽእል። ሽም ሰልፊ ምስ ዘይትጽሕፍ ድምጽኻ ከምዜሮ (blank röst) ይቑጸር። ዜሮ ድምጺ ንምርጫ ሰልፍታት ኣይጸልውን እዩ።



ወረቓቕቲ ምርጫ ዝተፈላለየ ሕብርታት ኣለወን። ብጫ ሕብሪ ንሃገራዊ ባይቶ ምርጫ የመልክት፣ ጸዕዳ ሕብሪ ንወረዳ ምርጫ የመልክት፣ በማያዊ ሕብሪ ድማ ንዞባ ምርጫ የመልክት።

ዚያዳ ሓበሬታ ወይ ርክብ ምግባር ምስ እትደሊ ዝሰዕብ ኣድራሻ ተጠቐም

www.val.se valet@val.se 020-825 825

## ጥብቆ ቁ.2

ብዕለት 12 መከረም 2002 ኣብ ንሓርነት.ኮም ብኣንቶንዮ ተስፋይ

## ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ህዝብኻ !

[illegible]

# ፍትሒ ይንገስ

30 ነሓሰ 2006

**ኣንቶንዮ ተስፋይ**